መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እታ ንቤተ-ክርስትያን ዘጋጠማ ሽግር



ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Janie Forest, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen


ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ምዉታት ካብ ዚትንስእ ሓምሳ መዓልቲ ጸኒሑ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጢ ተኸተልቱ ክሓድር መጸ፡ እቶም ደቀ መዛሙርት ኣቦ፡ ወልድን (ኢየሱስ) ፡ መንፈስ ቅዱስን ብኸመይ ሓደ ኣምላኽ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ እኳ እንተ ዘይተረድኦም ኣምላኽ ምሳታቶም ብምኻኑ ግን ሕጉሳት ነይሮም፡ ኣምላኽ ንሃዋርያት ብዛዕባ ኢየሱስ ምእንቲ ክምስክሩ ብዘደንቅ ነገራት ይሕግዞም ነይሩ።




እቶም ብኢየሱስ ዚኣምኑ ሰባት ንድኻታት
ምእንቲ ኺከናኸንዎም ዘለዎም ኵሉ የካፍሉ
ነበሩ፡ ሃናንያን ሰጲራን ዚበሃሉ ሰብኣይን
ሰበይትን ግና ቅንዕና ስለ ዘይነበሮም፡
መሬት ሸይጦም ብሕቡእ ንባዕሎም
ዝኸውን ገንዘብ ኣትሪፎም
ኵሉ እቲ ገንዘብ ናብ
ሃዋርያት ከም ዘምጽኡ
ኣምሲሎም ቀረቡ፡፡
3


ሰይጣን ንመንፈስ ቅዱስ ክትሕሱ ኢሉ
ንልብኹም ዝሰሓቶ ስለምንታይ እዩ" ኢሉ
ጴጥሮስ ን ሃናንያ ሓተቶ፡ ‘’ንኣምላኽ
እምበር ንሰብ ኣይሓሰኻን ’’ ምስ በሎ
ድማ ወዲቑ ናይ መወዳእታ እስትንፋሱ
ኣስተንፈሱ ሞተ፡ እቶም ኣጕባዝ ከኣ
ጠቕሊሎም ወሲድዎ ቀበርዎ።
4


ድሕሪ ሓጺር ግዜ ድማ ሰጲራ ኣተወት፡ ሰብኣያ ኸም ዝሞተ ድማ
ኣይፈለጠትን ነበረት እሞ፡ ንሳ ውን ብዛዕባ እቲ ገንዘብ ብሓሶት ተዛረበት፣
ተመሳሳሊ ነገር ውን ኣጋጠማ፡ ኣብ ኵሎም እቶም ነዚ ዝሰምዑ ድማ ዓብዩ
ፍርሒ ኮነ።
5


መንፈስ ቅዱስ ድማ
ብሓዋርያት ኣቢሉ ብዙሕ
ትእምርትን ተኣምራትን
ገበረ፡ ንኣብነት
ጽላሎት ጴጥሮስ ኣብ
ልዕሊ እቶም ሕሙማት
ምስ ኣጽለለ ይፍወሱ ነበሩ።
6


እዚ እዋን ህልውና ኣምላኽ
ብዓብይቲ ትእምርትታት
ዝተገለጸሉ ኢዩ ነይሩ፡
ብዙሓት ሰባት ድማ
ብ ኢየሱስ ይኣምኑ
ነበሩ፡እዚ ነገር ድማ ነቲ
ሊቀ ኻህናት ኣዝዩ ኣቑጥዖ
ነቶም ሓዋርያት ድማ ኣብ
ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎም!
7


ብለይቲ ግን መልኣኽ
ጐይታ ነቲ መዓጹ ቤት
ማእሰርቲ ኸፊቱ ኣውጽኦም
"ኪድ ኣብ ቤተ መቕደስ
ደው ኢልኩም ነዚ ቓላት
ብኩሉ ህይወት ንኩሉ እቲ
ህዝቢ መስክሩ በሎም፡
እቶም ሓዋርያት ድማ
ወጺኦም ብዛዕባ ኢየሱስ
ኪሰብኩ ጀመሩ፡ ንግሆ
ድማ እቶም ካብ ሊቀ
ኻህናት ዝተላእኹ ሰባት
ነቲ ቤት ማእሰርቲ
ጥራዩ ረኸብዎ።
8

ኣብ መወዳእታ ምስ ረኸቦም ግን እቲ ሊቀ ኻህናት ነቶም ሓዋርያት ገሰጾም፡ "በዚ ስም እዚ ከይትምህሩ’ዶ ብጽኑዕ ኣይኣዘዝናኩምን፧ ኢሉ ሓተቶም፡ ጴጥሮስን እቶም ካልኦት ሓዋርያትን ከኣ "ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ክንእዘዝ ይግብኣና እዩ" ኢሎም መለሱ፡ እቲ ሊቀ ኻህናት ድማ ኣዝዩ ተቘጥዐ፣ ንሓዋርያት ድማ ኪቕትሎም ደለየ፡ እንተኾነ ግን ተቀጥቂጦም ክፍትሑን ኣዘዘ። ሓዋርያት ብዙሕ ስቓይ እኳ እንተ ወረዶም ንኣምላኽ ተኣዘዝዎን፡ ብዛዕባ ኢየሱስ ድማ ምምስካር ቀጸሉ።



9

ሓደ መዓልቲ እስጢፋኖስ ዚበሃል ሰብኣይ ተታሒዙ ነበረ፡ እስጢፋኖስ ንጐይታና ኢየሱስ የፍቅሮ ነበረ፡ መንፈስ ቅዱስ ውን ንኻልኦት ሰባት ብዛዕባ ኢየሱስ ክምስክር ይጥቀመሉ ነበረ፡ ገሊኦም ሰባት እስጢፋኖስ ኣንጻር ኣምላኽ ይዛረብ ኣሎ ኢሎም ብሓሳት ከሰስዎ እሞ ድሕሪ ቅልጡፍ ዝኾነ ፍርዲ ድማ እስጢፋኖስ ብሰንኪ እቲ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝነበሮ እምነት ጥራሕ ብእምኒ ዳርባ ተጨፍጪፉ ተቀትለ።



10

እስጢፋኖስ ቅድሚ ሞቱ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ናብ ሰማይ ይጥምት ነበረ፡ ክብሪ ኣምላኽን ኢየሱስ ውን ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉ ረአየ። “ጐይታይ ኢየሱስ ንመንፈሰይ ተቐበሎ እንዳበለ ክጽውዕ ከሎ ድማ ኣቶም ህዝቢ ብዳርባ እምኒ ቐተልዎ፡ ድሕሪኡ እዚ ተባዕ ሰብ ከምቲ ኢየሱስ ኣብ መስቀል ዝጸለዮ፡ ኣምላኽ ነቶም ቀተልቱ ይቕረ ንክብሎም በታ ዝተረፈት ትንፋሱ ጸለየ።




11

ሞት እስጢፋኖስ ሓድሽ ናይ ስደት ማዕበል ኣልዓለ፡ እቲ ንቐተልቲ እስጢፋኖስ ዝተሓባበሮም ዝነበረ ሳውል ዝስሙ መንእሰይ ንዝረኸቦ ክርስትያን የእስር ነበረ፡ መብዛሕትኦም ኣመንቲ ካብ ኣባይቶም ሃዲሞም ኣብ ኩላ ይሁዳን ሰማርያን ፋሕ ኢሎም ነበሩ፡ እቶም ሃዋርያት ጥራይ እዮም ኣብ ኢዮሩሳሌም ዝጸንሑ።



12

ጸላእቶም ኪቐትልዎም እኳ እንተ ፈተኑ እቶም ፋሕ ኢሎም ዝነበሩ ሰዓብቲ ኢየስሱ ግን ነቲ ብስራት ናይ ኢየሱስ እንዳ መስከሩ ኣብ ኩሉ ይሰብኩ ነበሩ፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጦም ሓዲሩ ይሰርሕ ስለ ዝነበረ ድማ ደው ኬብሎም ዚኽእል ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይነበረን ።



13


እታ ንቤተ-ክርስትያን ዘጋጠማ ሽግር

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ግብሪ ሃዋርያት 5-7

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።″ መዝሙር 119፤130

14




56 60



እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16